


# መምርሒ ምዝገባ

## ናይ ምዝገባ ግዜ ካብ ዕለት 16 ታሕሳስ 2024 ክሳብ ዕለት 19 ጥሪ 2025 እዩ።

## (መጀመርያን መወዳእታን ዕለታት ዝሓወሰ እዩ)

ካብ ዝኾነት ኢንተርነት ዘለዋ ኮምፕዩተር፡ ብመንገዲ እዞም ዝስዕቡ ናይ መርበብ ገጻት ንውላድካ ከተመዝግቦ ትኽእል ኢኻ፡ https://tea-f.tabulex.net/Webindskrivning ወይ ከኣ silkeborg.dk/skoleindskrivning

1. ብ MitID/NemID ኣቲኻ ስም ውላድካ ክትረኦ ትኽእል። ክምዝገቡ ዘለዎም ተወሰኽቲ ቆልዑ እንተለካ ኮይኑ፡ መጀመርያ ናይ ሓደ ቆልዓ ትመርጽ። ብድሕሪኡ ነቲ ካልእ ቆልዓ ናይ ምምዝጋብ ዕድል ክህልወካ እዩ።

2. ኣብ ስክሪን (መስኮት ኮምፑተር) ዝረኣዩ ዓውድታት ምልኣዮም።

3. ኣብ መወዳእታ ውላድኩም ከም ዘመዝገብኩም መረጋገጺ ክመጸኩም እዩ። ነቲ መረጋገጺ ክትሕትሞ (ፕሪንት ክትገብሮ) ወይ ኣብ ኮምፒተርካ ክተዕቅቦ ትኽእል ኢኻ።

4. ድሕሪ ዲጂታላዊ ምዝገባ፡ ንውላድኩም እውን ብመንገዲ www.borneplads.silkeborgkommune.dk ኣቢልኩም ናብቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ክለብ (ኤስ ኤፍ ኦ - SFO) ንምምዝጋብ ዕድል ክህልወኩም እዩ። ኣብዚ መርበብ መምርሒታት ኣሎ።

እቲ ናይ ምዝገባ ግዜ ክሳብ ዘይተወደአ፡ ዝኾነ ክትቅይሮ እትደሊ ሓበሬታ ምስ ዝህሉ እንደገና ኣቲኻ ክትቅይር ትኽእል ኢኻ።

ብዛዕባ ዲጂታላዊ ምዝገባ ብተሌፎን ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም - ወላ ውን ናይ ምሸት ይኹን።

ካብ ሰኑይ ክሳብ ሓሙስ ዘሎ መዓልታት ካብ ሰዓት 8 ቅ.ቀ. ክሳብ ሰዓት 8 ድሕሪ ቀ. - ዓርቢ ካብ ሰዓት 8 ቅ.ቀ. ክሳብ ሰዓት 4 ድ. ቅ. ከምኡውን ሰንበት ካብ ሰዓት 4 ድ. ቅ. ክሳብ ሰዓት 8 ድ.ቀ. ናብ ዲጂታላዊ መስመር ቴሌፎን ናብ 7020 0000 ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም። ብዛዕባ ዲጂታላዊ ሳንዱቕ ፖስታ፡ MitID/NemID፡ ባዕልኻ መፍትሒ ንምርካብ ዘጸግመካ ወዘተ ብዝምልከት ሕቶታት ክሕግዙ ይኽእሉ።

ክትፈልጦ ዝግበኣካ፡-

- እቲ ናይ ውላዱ ሕጋዊ ሓላፍነት ዝስከም ወላዲ ጥራሕ እዩ ንውላዱ ንቤት ትምህርቲ ከመዝግብ ዝኽእል።

- ንግዳዊ (ናይ ስራሕ) NemID ክትጥቀም ኣይትኽእልን ኢኻ።

ሓደስቲ ዝመጹ ቆልዑ ንዘለዎም ወለዲ ዝምልከት፡

ውላድካ ኣብ ዴንማርክ ንሓጺር እዋን ዝተቐመጠ ምስ ዝኸውን፡ ኣብ መቐበሊ ክፍልታት ክጅምር ይከኣልን ዘይከኣልን ምኺኑ ዘጠራጥረካ እንተኮይኑ፡ ከየመዝገብካዮ ጽናሕ፡ ውላድካ ኣበየናይ ቤት ትምህርቲ ክጅምር ከም ዘለዎ ዝገልጽ ሓበሬታ እንተደንጎየ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ሚያዝያ ክሕበረካ እዩ።

በዚ ዝስዕብ ኣገባብ MitID ክትእዝዝ ትኽእል

MitID ብነጻ ኣብ www.mitid.dk ክትእዝዙ ትኽእሉ ኢኹም

ብተወሳኺ ኣብ ሲልከቦርግ ማዘጋጃ ቤት ኣብ Søvej 1 ዝርከብ ክፍሊ ኣገልግሎት ዜጋ ብምኻድ MitID ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ናይ ግድን ቆጸራ ስለዘድሊ በዚ ዝስዕብ ስልኪ 89 70 20 15 ወይ በዚ መርበብ www.silkeborg.dk ቆጸራ ክትሕዙ ኣለኩም። እቲ MitID ዘድልዮ ሰብ እዩ ኣብ ክፍሊ ኣገልግሎት ዜጋ ባዕሉ ክርከብ ዘለዎ። ፓስፖርትካ ወይ ፍቓድ መምርሒ መኪናኻ ክትማላእ ዘክር። MitID ንምርካብ ብዙሕ ሪጋ ምጽባይ ክህሉ ስለዝኽእል፡ ጠለብኩም ኣብ ምቹእ ግዜ ክኸውን ኣረጋግጹ።